# Asylum Support Partnership
## help and advice

refugee action | North of England Refugee Service | Refugee Council | scottish refugee council | Welsh Refugee Council Cyngor Ffoaduriaid Cymru

October 2009 Tigrignia

# ኣብ ገዛ ዝፍጸሙ ጭቆናታት – ሓገዝ የድልየኩም ድዩ?

ኣብ ገዛ ዝፍጸሙ ጭቆታት ዝበሃሉ ኣብ ሞንጎ ኣብ ሓዳር ወይ ዝምድና ዝነበሮም ብጹሓት ሰባት፣ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ቤተሰብ፣ ወይድማ ጾትኦም ብዘየገድስ ኣብ ሞንጎ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ገዛ/መንበሪ ዝነበሩ ወይ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰባት ዝፍጸም ናይ ምፍርራሕ፣ ምዕመጽ፣ ወይ ምጭቋን ጠባያት ዘጠቓልል እዩ።

እዚ ኣብ ገዛ ዝወርድ ጭቆና'ዚ ኣብ ዝኾነ እዋን ንዝኾነ ሰብ ክጸሉ ይኽእል። ወዲ ተባዕታይ ይኹን ጓል ኣንስተይቲ ምስ መን ይቕመጡ ወይድማ ምስቲ ሰብ እንታይ ዓይነት ርክብ ይሃልዎም ብዘየገድስ በዚ ኣብ ገዛ ዝወርድ ጭቆና'ዚ ክጥቕዑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንተደኣ ኣሎኹም፡ ማለት ከም ግዳይ ይኹን እዞም በደላት ክፍጸሙ እንተሪኢኹም ሓገዝ ንምርካብ ክትሓቱ ከምእትኽእሉ ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ኩሉ ሰብ ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓዱ እንታይ ምዃኑ ብዘየገድስ፡ ካብዞም ኣብ ገዛ ዝፍጸሙ ጭቆናታት ናጻ ኮይኑ ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ።

**እዚ ጭቆና ብዝተፈለለየ መልክዓት ክፍጸም ይኽእል፥**

- **ኣብ ኣካል ዝወርድ ጭቆና፤ ምህራም፣ ምቕላዕ፣ ብመሳርያታት ወይ ብዘይ መሳርያታት ምፍርራህ፣ ምሕናቕ ወይ ምውጋእ**
- **ጾታዊ ጭቆና፤ ምዕማጽ፣ ብሓይሊ ጾታዊ ርክብ ምግባር፣ ብሓይሊ ኣብ ፖርኖግራፊ ምስታፍ ወይ ምርኣይ ምግባር፣ ናይ ጥንሲ መከላኸሊ ሜላታት ካብ ምጥቃም ምኽልካል**
- **ናይ ስምዒት ወይ ናይ ቃል ጭቆና፤ ምፍርራህት (ክቐትለኪ/ካ እየ ምባል፣ ደቅኻ ካብ ምርኣይም ክኽልካለካየ ምባል ወይድማ ካብ ሃገር ከባርረኩም እየ ኢልካ ምፍርራህ የጠቓልል)፣ ንብረት ምዕናው፣ ድምጽኻ ኣልዒልካ ምቁያቕ፣ ምፍርራህ፣ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምእታው (ንኣብነት፡ ሰነዳትካ ካብ ምጥቃም ምኽልካል)፣ መመሊስካ ምሽጋር፣ ምስትሕፋር፣ ብሳጓ ምጽዋዕ**
- **ናይ ገንዘብ ጭቆና፤ ካብ መግቢ ወይ ገንዘብ ምሕራም**

**እንተደኣ እዚ ዓይነት ጭቆና ዝወርደኩም አሎ ኮይኑ፣ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ከተስተውዕሉ ይግባእ፣**

- ምጭቋንኩም ናትኩም ጉድለት ኣይኮነን
- ብዛዕባ ጭቆና ዝቐርብ ሪፖርት ከም ከቢድ ጉዳይ ከምዝረአ
- ሓበሬታ ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፤ ባዕልኹም እትወስድዎ ስጉምቲ የለን
- እቲ ሕጊ ካብቲ ዝጭቁነኩም ዘሎ ሰብ ክከላኸለልኩም ይኽእል እዩ፤ ንኣብነት ሕጋዊ ዝኾነ ስጉምቲ ብምውሳድ
- ብሓንሳብ ምስቶም ምሳኹም ዝቕመጡ ቆልዑ፡ ናብ ውሑስ ዝኾነ ቦታ ብቐልጡፍ ክትግዕዙ ትኽእሉ ኢኹም
- እቲ እትህብዎ ሓበሬታ ብምስጢር ዝተሓዝ ክኸውን እንከሎ፡ ብዘይ ናትኩም ስምምዕ ድማ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይውሰድን እዩ
- ናይ ዑቕባ ሕቶ ንበይንኹም ከተመልክቱ ትኽእሉ ከምእውን ኩነታትኩም ብምርኣይ ካብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency - UKBA) ትረኽብዎ ዝነበርኩም ሓገዝ ክትቕጽልዎ ትኽእሉ ኢኹም። UKBA ነቶም ድሮ ሓገዝ ዝወሃቦም ሰባት፡ ካብ እዚ ኣብ ገዛ ዝወርድ ጭቆና'ዚ ዝከላኸል ጽኑዕ ዝኮነ ፖሊሲ ኣለዎ

**ብዛዕባ እቲ ዝወረደኩም ጭቆና ናብዚ ዝስዕብ ከተመልክቱ ትኽእሉ፥**

- **ናብ ኣብ ገዛ ዝወርድ ጭቆና ናይ ሓገዝ መስመር፣ ፖሊስ፣ ሓኪምኩም፣ ናይ ጥዕና በጻሒ፣ ናይ ከባቢ ናይ ሓገዝ ጉጅለ**

ካልእ ዝተተርጎሙ በረርቲ ጽሑፋት ኣብ መርበብ ሓበሬታ http://languages.refugeecouncil.org.uk ይርከቡ

Asylum Support Partnership is a partnership project hosted by the British Refugee Council
British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom, VAT no: 936 519 988

OISC No: N200100132
Community Legal Service

- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ፥ ንኣብነት ናይ ሰሜናዊ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስደተኛታት ኣገልግሎት (North of England Refugee Service)፣ ረፍዩጂ ኣክሽን (Refugee Action)፣ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council)፣ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ (Scottish Refugee Council) ወይድማ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዌልስ (Welsh Refugee Council)።
  - እንተደኣ ደሊኹም ድማ ካብቶም ሰራሕተኛታት ከምእውን/ወይድማ ኣስተርጎምቲ ንጓል ኣንስተይቲ ከተዘራርቡ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም
  - እቲ እትህብዎ ሓበሬታ ብምስጢር ክተሓዝ እዩ።
  - ንስኹም ወይ ንደቅኹም ኣብ ናይ ኣካላዊ ጉድኣት ሓደጋ ትረከቡ እንተደሃሊኹም፣ እዞም ኤጄንሲታት ብዛዕባ ጉዳይኩም ንኻልእ ኣካል ክነግሩ ከድልዮም እዩ።

**ሓገዝ ንምርካብ ነዞም ዝስዕቡ ተወከሱ፥**

**ዓዲ እንግሊዝ ከምእውን ዌልስ (England and Wales): ብናጻ ዝድወል ተሌፎን፡ 24 ሰዓት ሃገራዊ ዘቤታዊ ዓመጽ ናይ ሓገዝ መስመር (Freephone 24 hour National Domestic Violence Helpline)**
**0808 2000 247**
**ስኮትላንድ (Scotland): ናይ ስኮትላንድ ዘቤታዊ ጭቆና ናይ ሓገዝ መስመር (Scottish Domestic Abuse Helpline) 0800 027 1234**
**ቋንቋ እንግሊዝ እንተደኣ ዘይትዛረቡ ኰንኩም፡ ብኽብረትኩም እንታይ ቋንቋ ከምእትዛረቡ ግለጹ። ኣተርጓሚ ክሳብ ዝመጽእ ክትጽበዩ ይግባእ፡ ወይድማ እንታይ ቋንቋ ከምእትዛረቡ ምስነገርኩም፤ ስልኪ ቁጽርኹም ግደፉ እሞ እቲ ኣማኻሪ ምስ ኣተርጓሚ ኰይኑ ክድውለልኩም እዩ።**

**ፖሊስ (ህጹጽ ዝኾነ ጉዳይ) (Police - emergency) 999**

**ናይ ስደተኛ ኤጀንሲታት ዝርዝር ኣድራሻ፥**

**North of England Refugee Service Head Office (North East)** www.refugee-org.uk
19 The Bigg Market
Newcastle NE1 1UN
Tel: 0191 222 0406

**Refugee Action Head Office (East Midlands, North West, South Central, South West)**
www.refugee-action.org.uk
The Old Fire Station
150 Waterloo Road
London SE1 8SB
Tel: 020 7654 7700

**Refugee Council Head Office**
**(London, East of England, West Midlands, Yorkshire & Humberside)**
www.refugeecouncil.org.uk
http://languages.refugeecouncil.org.uk
240-250 Ferndale Road
London SW9 8BB
Tel: 020 7346 6700

**Scottish Refugee Council Head Office (Scotland)** www.scottishrefugeecouncil.org.uk
5 Cadogan Square
(170 Blythswood Court)
Glasgow G2 7PH
Tel: 0141 248 9799
Freephone: 0800 0856 087

**Welsh Refugee Council Head Office (Wales)** www.welshrefugeecouncil.org
Phoenix House
389 Newport House
Cardiff CF24 1TP
Tel: 02920 489 800